# ሓዲስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.222 ረቡዕ 17 ግንቦት 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ኣዛዚ ፖሊስ . . .ሰሚናር. .



ገጽ 3
ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ



ገጽ 4



ገጽ 5
"ኣብ ሰደት ዝነበረ ህዝብና ብድሌቱ ሰለዝተወደበ . . .



ገጽ 7
ደምበ ስምበልን ፈንቅልን ጽዋእ ናጽነት ኣልዒለን




# ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግን፡ ኣብ ምድንፋዕ ዝምድና ኤርትራን ቻይናን - ተራኡ ኣብ ዞባዊ ሰላምን ጸጥታን ዘትዮም



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግን፡ ብቐደሚ ትማሊ 15-5-23 ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ኣብ ምድንፋዕ ታሪኻዊ ዝምድና ኤርትራን ቻይናን ተራኡ ኣብ ዞባዊ ሰላምን ጸጥታን ተዘራሪቦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ስለ'ቲ ዝተገበረሉ ዕድመን ምዕሩግ ኣቀባብላን ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ፡ ቅድሚ 56 ዓመታት ኣብ 1967 ምስ ብጾቱ ንስልጠና ኣብ ቻይና ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ቻይና ናይ መጀመርያ ኣቶማዊ ቦምብ ዘፈተነትሉ እዋን ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ እዋን ኣብ ቻይና ምጽናሕ ዓቢ ታሪኻዊ ዕድል ከምዝኾነ፡ ኣብ ንእስነቱ ዝተሓፍሰ ተሞክሮ ከኣ ኣብ ህይወቱን ህይወት ብጾቱን ዝገደፎ ጦብላሕታ ቀሊል ከምዘይነበረ ገሊጹ።

"ወግዓዊ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ኤርትራን ቻይናን 30 ዓመታት'ኳ እንተገበረ፡ ምትእስሳር ክልቲኤን ሃገራት ግና ናብ ልዕሊ 60 ዓመታት ዝኸይድ'ዩ" ዝበለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኑቲ ህዝቢ ቻይና ኣብ እዋን ሓርነታዊ ተጋድሎኡ ዝነበረሉ ሞራላውን ንዋታውን ደገፍ ኩሉ ከምዘይርስዖ ገሊጹ።

ድሕሪ ምምስራት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ እታ ሃገር ብዘርኣየቶ ቅልጡፍ ቁጠባዊ ምዕባለ፡ ናብ ደረጃ ኣህጉራዊ ሓይሊ ከምዝሰገረት ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ እዚ ኣብ ዝሓለፈ 75 ዓመታት ኣብ ኣህጉራዊ ሰላምን ብልጽግናን ስብኣውነትን ዝነበሮ ኣበርክቶን ኣንጺፍዎ ዘሎ ባይታን ጠቒሱ፡ ኣህጉራዊ ፍትሓውነት ብምርዓም፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ናጽነትን ልምዓትን ንኸረጋግጻ ንእትገብሮ ደገፍ ሞጒሱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ፡ ኣብ'ዚ ዝፈልቕ ዘሎ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ፡ ቻይና ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ - ንስብኣዊ ልምዓትን ብልጽግናን፡ ከምኡ'ውን ንኣህጉራዊ ፍትሓውነትን ምስፋን ሕግን ዓቢ ኣበርክቶ ክትገብር ትጽቢትን እምነትን ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ኤርትራ ምስ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዘለዋ ምትሕግጋዝ ንምድንፋዕ ቅርብቲ ምዃና፡ ምዕዛዝ ናይ'ዚ ስትራተጂካዊ ሽርክነት ድማ፡ ኣብ'ቲ ኤርትራ ሃገራዊ ቀጠባውን ማሕበራውን ልምዓት ንምርግጋጽ እተካይዶ ጻዕሪ ሓጋዚ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ጽላታት ዘለዎ ናይ ሓጺርን ነዊሕን ልምዓታውን ጽላታውን መደባት ብዝርዝር ገሊጹ። እቶም ጽላታት ድማ፡ ትሕተ-ቕርጺ ጸርግያታት፡ መዓልቦ ኤሌትሪክ መንገዲ ባቡርን፡ መንበሪ ኣባይቲ፣ ጸዓት፣ ልምዓት ጸጋታት ማይን ምዕባለ ዘመናዊ ኣገልግሎትን፡ ምኽዕባትን ምሕሳንን ሕርሻዊ ፍርያትን ሃብቲ እንስሳን፡ ልምዓት ጸጋታት ሃብቲ ዓሳ፡ ምዕቡል ምድራዊ፡ ባሕራውን ኣየራውን ኣገልግሎት መጓዓዝያ ምስ ዘመናዊ መራኸቢታት፣ ምምዕባል ሰብዊ ጸጋታት፣ ኣገልግሎታት ጥዕናን ቱሪዝምን፡ ኣብ ዕደና ዘሎ ደርማስ ክህሎት፣ ስሉጥን ዘመናውን ባንካዊ ኣገልግሎት፣ ከምኡ'ውን ንግድን ኢንዳስትሪን ከምዝጠቓልሉ ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ብወገኑ፡ ቻይና ኑቲ እናማዕበለ ክመጽእ ዝጸንሐ ዝምድናኣ ምስ ኤርትራ፡ ብመንጽር ንርሑቕ ዝጠመተ ስትራተጂካዊ ዝምድና ከምእትጥምቶ ጠቒሱ፡ "ቻይና ሓቀኛ መሓዛ ኤርትራ'ያ" ኢሉ። ቻይና ኣብ ጽላታት ትሕተ-ቕርጺ፡ ኢንዱስትሪ፡ መራኸቢታት፡ ዕደና፡ ትምህርቲ፡ ጥዕናን ምምዕባል ዓቕሚሰብን ምስ ኤርትራ ዝህልዋ ምትሕግጋዝ ከምኡ'ውን ወፍሪ ከምእተዕዝዞን ንትግበራኡ ዝከታተል ሓባራዊ ኣካል ከምዝቖውምን ኣሕሊፉ።

ኣብ'ዚ ስግኣትን ቅልውላውን ዝሰፈኖ ኣህጉራዊ ኩነታት፡ ድልዱል ዝምድና ቻይናን ኤርትራን ንክልተኣዊ ረብሓታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ንዞባዊ ሰላምን ኣህጉራዊ ፍትሓውነትን ከምዘገልግል ጸኒዕ እምነቱ ዝገለጸ ፕረዚደንት ሺ፡ ሃገሩ ምስ ኤርትራ ዘለዋ ስትራተጂካዊ ሽርክነት ከምእተዕዝዞ ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ሺ ኣብ መወዳእታ፡ ሃገሩ ኑቲ ኤርትራ ካብ ነዊሕ ኣትሒዛ እትኽተሎ ናጻ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ከምእተድንቖ ብምጥቃስ፡ ንኤርትራ ዝምእም ጉዳና ልምዓት ከምእትድግፍ ኣሕሊፉ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ቀዳማይ ሚኒስተር ሊ ኪያንግን ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ብምኽንያት መበል 30 ዓመት ምምስራት ወግዓዊ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ኤርትራን ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን የሐንኡ ዝገለጸ ቀዳማይ ሚኒስተር ሊ፡ ዝምድና ኤርትራን ቻይናን ናብ ስትራተጂካዊ ዝምድና ተሰጊሩ፣ ብኡ መጠን ድማ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝን ማዕበሉ ምርኣይ ከምዝሕገሶ ገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሊ ወሲኹ፡ ቻይና ኣብ ኤርትራ ኣብ ምምዕባል ተሃዲሲ ጸዓት፡ ዲጂታላዊ ቁጠባ፡ ሰማያዊ ቁጠባ፡ ሓምላይ ቁጠባ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጽላታት ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ምምዕባል ሰብዊ ዓቕሚ፡ ዕደናን ኢንዳስትሪን እትገብሮ ወፍሪ ዚያዳ ከምእትደፍኣሉ፣ እቲ ናይ ልምዓት መደባት ድማ ናይ ግዜ መቓን ወጺኡሉ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ግብራዊ ስጉምቲ ክወሰድ ምዃኑ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ድማ፡ ኣፍሪቃ ንድሕሪት ትተርፈሉ ዘላ ቀንዲ ምኽንያት፡ ካብ ከርሳ ዝወጽእ ዘሎ ባህርያዊ ጸጋታት ኣብ ክንዲ ተመስሪሑ ከም ውዱእ ኣቕሓ፣ ብጥረኡ ንሰደድ ይኸይድ ስለዘሎ ምዃኑ ብምብራህ፡ ካብ'ቶም ኣብ'ዚ ኣዋን'ዚ ዝረኣዩ ዘለው ዓበይቲ ብድሆታት፡ ናይ ምድራትን ከቢን ስትራተጂ ምዕራብ ከምዝኾነ፡ እዚ ንምምካት ድማ ሃገራት ብሓባር ደው ክብላ ከምዝድለ ገሊጹ።



ቅያ ስጡም መስርዕ!

# ዜና

## ዑደት ጽዋእ "ህያብ ናጽነት" ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ



ብ12 ግንቦት ኣብ ሞልቆ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ንዞባ ጋሽ-ባርካ ዝተረከበት ጽዋእ "ህያብ ናጽነት"፡ ብኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ሳዕለምት ኣዘዙቲ ሰራዊት እዚ ምዕራብን ካልኦትን ተዓጂቡ፡ መስተንክራዊ ቅያታት ኣብ ዝተፈጸመሉ ዕርድታትን ከበቢታትን ዑደት ኣካዪዱ።

እታ ጽዋእ፡ ሓወልቲ ሰማእታት ሻምብቆ ኣብ ዝበጽሓትሉ፡ ብህዝብን ሰራዊትን ምዕሩግ ኣቀባብላ ተገይሩላ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ኣቶ ካሕሳይ ኣስራት፡ ጽዋእ "ህያብ ናጽነት" ካብቲ ኣብ 1997 ወራሪ ጃንዳ ወያነ ብቓጻ ዝቐንጸሎም 8 ስውኣት ዝወደቑሉ ከባቢ ዕማኾ ሓመድ ተወሲኽዋ ዑደታ ከምዝቐጸለት ሓቢሩ።

ሓያሎ ዕርዲታት ሰንጢቓ ታሪኻዊት ባድመ ኣብ ዝበጽሓትሉ ከኣ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ብምዕሩግ ወተሃደራዊ ሰልፈን ተኹሲ ከበድ ብረትን ዝተሰነየ ድሙቕ ኣቀባብላ ገይሮምላ።

13 ግንቦት፡ ኣብ ሓውሲ ከተማ ሸላሎ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ካብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ናብ ንኡስ ዞባ ላዕላይ-ጋሽ ተሰጊጊሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ላዕላይ-ጋሽ ኣቶ ግደ እስቲፋኖስ እቲ ንኡስ ዞባ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ከም ደጀን ሰውራ፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ቀንዲ ዋልታ ልኡላውነት ብምዃኑ፡ ቅያታት ጀጋኑ ዝተሰነዱሉ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ዑደት ጽዋእ "ህያብ ናጽነት"፡ ናብ ንኡሳን ዞባታት ጎልጅ፡ ተሰነይ፡ ፎርቶ-ሳዋ፡ ሃይኮታ፡ ጎኜን ባረንቱን ድሕሪ ምቕጻል፡ ብ14 ግንቦት ካብ ኦምሓጀር - ንኡስ ዞባ ጎልጅ ተበጊሱ፡ ከተማ ተሰነይ ሰንጢቓ ብማስመር ታማርራት ኣቢላ ሳዋ ኣትያ፡ ድሙቕ ኣቀባብላ ድማ ተገይሩላ።

ብሰልፊ ምሉእ ዕጥቂ ዝዓጠቑ ኣባላት ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝማዕረገ ስነ-ስርዓት፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ፡ ነታ ጽዋእ ንኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደበሳይ ግደ ኣረኪቦዋ።

ኮሎኔል ደበሳይ እውን ንኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ኣቶ ኣብባከር ማሕሙድ ኣረኪቦዋ - ናብ ዝቐጽል ጉዕዞኣ ተፋንያ።

## ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ፡ ንተመሃሮ ኮሌጅ ፖሊሳዊ ኣስተምህሮ ሂቡ

ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጺጋይ፡ ብኣጋጣሚ 10ይ ፈስቲቫል ሳዕለምት ትካላት ትምህርቲ፡ ንተመሃሮ ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠትን ጥዕናን ኦሮታ፡ "ፖሊሳዊ ንቕሓት መንእሰያት ኮሌጅን ተራኦ ኣብ ሕብረተሰብን" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ሂቡ።





ንወሻጣውን ስግረ-ዶባውን ገበናት፡ ከምኡ'ውን ንህዝብን ሃገርን ኣሰጋእቲ ዝኾኑ ጉዳማዊ ሽርሒታት ዝምልከት መብርሂ ዝሃበ ኮሎኔል መሓሪ፡ ብንቕሓት ንምቕላሶም፡ ኣምር ሕጊ ብዝምልከ ምፍላጥ መሰረታዊ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

"ሕጊ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ዓብላልን ተዓብላልን ብምውጋድ፡ ብሰላምን ምክብባርን ናይ ምንባር ግዴታ ዘውሕስ፡ ኣብ መንጎ ውልቀሰባት ይኹን ክፍልታት ሕብረተሰብ ንዝፍጠሩ ግርጭታት ብምህዳእ - ፍትሒ፡ ሰላም፡ ርግኣትን ማዕርነትን ንምስፋን ዘገልግል መሳርሒ ምዃኑ ጠቒሱ ድማ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ክፈልጦ ግዴታ ከምዝለዎ ኣረዲኡ።

ኮሎኔል መሓሪ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሕጊ ከምዝለዉ ብምሕባር፡ ብቐንዱ ኣብ ገበናውን ሲቪላውን ሕግታት ኣተኩሩ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕረበ።

ኣብ ሃገርና ኣገዛ ዝጋገን ዓይነት ብልሸውናኻ እንተዘየሉ፡ ሓላለፍም ዝረኣዩ ብዙዮብ ነቒሕና ክንቃለሶም እንተዘይክኢልና፡ ኣብ ማሕበራቑጠባዊ ኩነታትና ሃሰያ ከስዕቡ ከምዝኽእሉ ብምዝኽኻር፡ ከም ተመሃሮ ኮሌጅ መጠን፡ ኣብ ትምህርትኹም ከይዳህቡ ንኹሉ ፍልጠታዊ ምርምር ዝድርኽ ጸዕርታትኩም ክሐይሉን መኸሩ።

## ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት፡ ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመሃሮ ሸሊሙ

ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023 ልዑል ነጥቢ - ማለት 3.5ን ልዕሊኡን ዘመዝገቡ 81 ብሉጻት ተመሃሮ ንምትብባዕ ወረቐት ምስክር ዓደለ።

ብ10 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ዲን ናይ'ቲ ኮሌጅ ፕሮፌሰር ጉብራይ ኣስገዶም፡ እቲ ንብሉጻት ተመሃሮ ዝተዋህበ ወረቐት ምስክር ንቫድሻይ ግዜኡ ዝወሃብ ዘሎ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ተሸለምቲ - 26 ናይ ካልኣይ ዓመት፡ 22 ናይ ሳልሳይ ዓመት፡ 33 ድማ ናይ ራብዓይ ዓመት ተመሃሮ ምዃኖምን ኣስታት 8 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ተመሃሮ ናይ'ቲ ኮሌጅ ከምዝሸፍኑን ሓቢሩ።

ካብ'ቶም ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ 55.5 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ምዃነን ብምጥቃስ፡ እዚ መርኣያ ናይ'ቲ እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ተወዳዳርነት ደቂ-ኣንስትዮ ከምዝኾነ ገለጸ።

ፕሮፌሰር ጉብራይ፡ እቲ ዕላማ ናይ ተመሃሮ ጻዕርን መንፍዓትን ኣለሊኻ ኣፍልጦ ምሃብ፡ ነቶም ብሉጻትን ግዱሳትን ንምትብባዕ፡ ነቶም ካልኦት ተመሃሮ ድማ ቅዱስ ቅንኢ ንምሕዳር ዝድርኽ ምዃኑ ኣረዲኡ።





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ  ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ  ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

## ኣብ ኤርትራ፡ 4.7 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣጋጢሙ

ኣብ ኤርትራ፡ 4.7 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከምዘጋጠመ፡ ሚኒስትሪ ጸዓትን መዓድንን ንኤሪና ሓቢሩ።

እቲ ብ15 ግንቦት ሰዓት 10:05 ምሸት፡ ካብ ፎሮ 15 ኪሎሜተር ንሸነኽ ደቡባዊ ምዕራብ፡ ካብ ዓዲቐይሕ ድማ ኣስታት 38 ኪሎሜተር ንሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ከባቢ ሰዓተረ - ኣብ 40 ኪሎሜተር ዕምቈት ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ኣብ ከተማታት ኣስመራ፡ ባጽዕ፡ ዓዲቐይሕን ሰንዓፈን ከምእተሰምዐ ጸብጻባት ኣለዉ።

እቲ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣብ ሰብን ንብረትን ዘስዓቦ ጉድኣት የለን።

# ቅያ ስጡም መስርዕ!
# ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ

(6ይ ክፋል)

ሰሎሙን በርሀ

## ስትራተጂያዊ ምዝላቕ

መፋርቕ 1978፡ ሰርዓት ደርግ ገዚፍ ወተሃደራዊ ሓገዝ ሕብረት ሶቭየት ድሕሪ ምስናቑ፡ ኣብ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ መሰረታዊ ምቅይያር ስለዘኸተለ፡ መኸሰብት ሰውራ ክሕሎ፡ ሰውራ ክዕቀብን ክድሕንን ሓደ ወሳኒ ስጉምቲ ምውሳድ ዝጠልብ ወሳኒ እዋን ነበረ፡፡ ኑቲ ብወገን ደርግ ተዳልዩ ዝነበረ ክሳብ ዓንቀሩ ዘመናዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐ ገዚፍ ወራሪ ሰራዊት፡ በቲ ወሰኑ ዓቕሚ ሰውራ ተማጢጥካ ክትገጥሞ ዘኮኣል ስለዘይነበረ፡ ዓቕምኻ ጠርኒፍካ ከተድምዕሉ እትኽእል ቦታ መሪጽካ፡ ኣብ ዝተናውሐ ኩናት ኣረብሪብካ ምስዓሩ፡ መተካእታ ዘይብሉ ምርጫ ኮነ፡፡ በዚ ድማ ብወገን ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ህዝባዊ ግንባር፡ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ክግበር ተወሰነ፡፡

ኣብ ሰነ 1978፡ ሰርዓት ደርግ ንቀዳማይ መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ኸፈተ፡፡ ኣብ ኣስመራን ካልኦት ተኸቢበን ዝነበራ ከተማታትን ዝነበረ ሰራዊት ወሲኽካ፡ ኣብቲ ወራር'ቲ ልዕሊ 120,000 ሰራዊት ተሰሊፉ ነበረ፡፡ እዚ ገዚፍ ወራሪ ሰራዊት'ዚ ብደረጃ ግብረ-ሃይልታት (Task force) ዝተወደበ ኮይኑ፡ 501፡ 502፡ 503፡ 505፡ 506፡ 507 ዝብል መጸውዒታት ዝተዋህቦ ነበረ፡፡ እዞም ግብረ-ሃይልታት፡ ኣብቲ መጥቃዕቲ ኻይ ግዜ ርእሶም ፍሉይ ሸቶታት ዝተዋህቦም ሓይሊ ዕማም ድኣ እምበር፡ ቀዋሚን ሓደ ዝዓይነቱን ኣወሃዳ ኣይነበሮምን፡፡ ከም ዝተዋህቦም ናይ መጥቃዕቲ ዒላማታት ኣብ ውሽጦም ዝተፈላለየ ናይ ኣወዳድባ መልክዕ ብዝሓ.ን ዝነበርዎ ብጠቕላላ 38 ኣጋር ብርጌዳት፡ 6 መካናይዝድ ብርጌዳት፡ 10 ናይ መድፍዕ ሻለቃታት ዝሓቘፉ ነበሩ፡፡ ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዘመናውያን መራኽብ ውግእ ዝዓጠቐ ሓይሊ-ባሕሪ፡ ልዕሊ ሓሙሽተ ስኳድሮን ጀት ተዋጋእቲ ነፈርቲ ዝዓጠቐ ሓይሊ-ኣየር፡ ከም ወሳኒ ደገፍ ተዳልዩ ነበረ፡፡ ኣብ ኣስመራ፡ ባጽዕ፡ ዓዲ-ቐይሕ ዝነበረ ዘይንጻቕ ብዝሒ ዝነበሮ ሰራዊት ከኣ፡ ምስዞም ግብረ-ሃይልታት ብምውህሃድ ከጥቅዕ ንወፍሪ ቅሩብ ኮነ፡፡

ዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን ሰውራ ኤርትራ ብመንጽር'ዚ ወራሪ ሓይሊ'ዚ ኣብ ግምት ዝኣቱ ኣይነበረን፡፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግንባራት ፋሕ ኢሉ ዝነበረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ 8 ኣጋር ብርጌዳትን 1 ናይ ከቢድ ብረት ብርጌድን ኮይኑ፡ ዓቕሚ ሰብ ተዋጋኢ ሰራዊት ካብ 15 ሽሕ ዝበዝሕ ኣይነበረን፡፡ ዓቕሚ ሰብ ተ.ሓ.ኤ. እውን ተመሳሳሊ ነበረ፡፡ ብመንጽር ጸላኢ ኣዝዩ ውሑድ ቁጽሪ ዝነበረን ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር፡ ንከተማ ኣስመራ ብሰሜን፡ ብምዕራብ፡ ብምብራቕን ደቡብን ብኣርባዕተ ግንባራት ኣኽቢበንኣ ነበራ፡፡ ገለ ክፋል ባጽዕ ኣብ ትሕቲ ደርግ ብምንባሩ፡ ኣብ ውሽጢ ባጽዕውን ግንባር ተመስሪቱ ነበረ፡፡ ኣብ ዓዲቐይሕ እውን ብተመሳሳሊ፡ ብሰሜንን ደቡብን ግንባራት ነበረ፡፡ ኣብ ዶብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ከኣ፡ ብወገን ግርሁ ሰርናይን መረብን ሓይልታት ህዝባዊ ግንባርን ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራን ዝዓረዳሉ መከላኸሊ መስመር ተመስሪቱ ነበረ፡፡ ጋሽ-ባርካ ብምሉኡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ተጋደልቲ ሓርነት ኮይኑ ባረንቱ፡ ብሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. ተኸቢባ ነበረት፡፡ ብሓፈሻ እቲ ምስ ዓቕሚ ደርግ ብምንጽጻር ኣዝዩ ንኡስ ዓቕሚ ሰውራ ኤርትራ፡ ኣብ ብዙሕ ግንባራት ዝተመቓቐለ ነበረ፡፡



ደርግ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳእን ንሓዋሩን ንምድምሳስ ብዘይካ'ዚ ዝተጠቕሰ ኣቕዲሙ ዝጸንሐ ግንባራት ተወሳኺ ካልእ ሓደስቲ ግንባራት ከፈተ፡፡ ካብ ጎንደር ብሑመራ፡ ንኦምሓጀር፣ ካብ ሽረ ብዖዲ-ዓዕር ንባረንቱ፡ ካብ ዓድዋ ብራማ ናብ መረብን ዓዲ'ኳላን፡ ብሸነኽ እንትጮ ናብ ግርሁ ሰርናይን ጾሮናን ከወፍር ድማ ተዳለወ፡፡ ኣብ ኣስመራ፡ ባጽዕን ዓዲ-ቐይሕን ዝነበረ ሰራዊት እውን ምስዚ ኣንፈታት መጥቃዕቲ'ዚ ተወሃሂዱ ክንቀሳቐስ ንወፍሪ ተቐረበ፡፡

### ቀዳማይ ወራር (ሰነ-ነሓሰ 1978)

ቀዳማይ ወራር ብ13 ሰነ 1978 ብጎርሁ-ሰርናይ ፈለመ፡፡ ወተሃደራዊ ውጥን ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዝጥዕም ቦታ ንጸላኢ ገጢምካ እናዳኸምካ፡ ሰብኡን ንብረቱን ወዲብካ ምዝላቕ ነበረ፡፡ በዚ መደብ'ዚ 1ይ ወራር ንወርሒ መመላእታ ተማከተ፡፡ ብድሕሪ'ዚ ሰራዊት ደርግ ብሑመራ ኣቢሉ ንኦምሓጀር ወፈረ፡፡ ካብ ሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. ከቢድ ተቓውሞ ስለዘይገጠሞ ከኣ ተሰሪይ ተቘጻጺሩ ባረንቱ በጽሐ፡፡ እቲ ካብ ዓዲ-ዓዕር ብምዕራብ ኤርትራ ዝወፈረ ሓይሊ'ውን ብኸምብቆ ኣቢሉ ባረንቱ ኣተወ፡፡ በዚ ከኣ ከረን ኣብ ሓደጋ ከም እትኣቱ ርዱእ ኮነ፡፡ እዚ ሓይሊ'ዚ ኣቐዲሙ ቅድሚ ምብጽሑ፡ ገለ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ኣብ መገሊ ክየዋትኦ ፈቲነን ነበራ፡፡ እንተኾነ ጥሒሱወን ብምሕላፍ ኣቐዲሙ ስለዝኣተወ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ካብ መገሊ ስሒበን ንምዕራብ ኣብ እንገርን መከላኸሊ መስመር ክሕዛ ተገደዳ፡፡

ብሸነኽ ራማ ንዖዲ ኳላ ክኣቱ ዝወፈረ ወራሪ ሰራዊት፡ ኣብ ከባቢ እንዳገርግስ ሓይልታት ተጋደልቲ ሓርነት ንኣስታት ወርሒ ዝኸውን ማኪተን፡ 9 ዝኾና ታንክታት ማሪኸን ደው ከብልኣ ክኢለን ነይረን፡፡ እዚ መኸተ'ዚ፡ ኣብ እዋን ምዝላቕ ብሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. ዝተገበረ እኹል ተረር መኸተ ነበረ፡፡ ኣብ መወዳእታ ግን ጸላኢ ንሓይልታት ተሓኤ ጥሒሱ ዓዲ'ኳላ ሓሊፉ መንደፈራ በጽሐ፡፡ ብሸነኽ ግርሁ ሰርናይ ዝተኸፍተ መጥቃዕቲ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንወርሒ መመላእታ መኪቱ ከየጉዩ ክኢሉ እኳ እንተነበረ፡ ሰራዊት ደርግ ብመንደፈራ ናብ ኣስመራ ገጹ ምስ ተንቀሳቐሰ ኑዩም ኣብ ደቡባዊ ኤርትራ ዝዋግኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ብድሕሪኦም ተጠውዩ ከኸበቦም ተኽእሎ ስለዝነበረ፡ ኣብ ኣተሓሕዛ ግንባራት ለውጢ ክግበር ግድን ኮነ፡፡ በዚ ድማ ህዝባዊ ግንባር ካብ ምሉእ ደቡባዊ ግንባር ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ ወሰደ፡፡ ድሕሪ'ዚ ግጥማት'ዚ፡ እቲ ዓመት መመላእታ ተዓጽዩ ዝነበረ ጽርግያታት ኣስመራ-መረብ፡ ኣስመራ-ዛላምበሳ፡ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ደርግ ኣተወ፡፡ በዚ ፍናን ዝረኸበ ሰራዊት ደርግ ብ31 ነሓሰ 1978 ካብ ኣስመራ ተበጊሱ ኣብ ልዕሊ ሰሜናዊ ግንባር መጥቃዕቲ ብምኽፋት ክሳብ መቐርካ ክበጽሕ ክኢሉ እኳ እንተነበረ፡ ብሓያል ጸረ-መጥቃዕቲ ተጸሪፉ ንዓዲ ጉበሩ ክምዝምለስ ተገብረ፡፡ ኣብ ምብራቓዊ ግንባር፡ ኣቐድም ኣቢሉ ሰራዊት ደርግ ብበርቱዕ ደብዳብ ተሰንዩ ክደፍእ ስለዝኸኣለ፡ ህዝባዊ ግንባር ካብ ባጽዕ ስሒቡ ኣብ ዶጋሊ ዓሪዱ ነበረ፡፡ ቀዳማይ ወራር ድማ በዚ ዝተጠቕሰ ኩነታት ኣብቅዐ፡፡

ቀዳማይ ወራር ኣብ ዘብቅዓሉ፡ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ብምብራቕ ኣብ ዶጋሊ፣ ብሰሜን ካብ ጎምጎም ደርፎ ጀሚሩ ብኡዜን እምባደርሆ፡ ብከባቢ ዓደብስሉስ ብዖዲ ያዕቆብ ክሳብ ዓዲ ጉበሩ ተዘርጊሑ መከላኸሊ መስመር ሒዙ ነበረ፡፡ ግንባር ሰይዲቺ ኣብቲ ዝነበሮ ኮይኑ፡ ብጉልዒ ኣቢሉ ምስ ዝጉዑብ እናተጣመመ ንክሳድ ቀጺላ ይዝርጋሕ ነበረ፡፡ ምኽንያቱ ደርግ ካብ ሰገነይቲን ደቀምሓረን ናብ ማይሓብርን ዓዶሮሶን ከይወፍር ምቁማት የድሊ ስለ ዝነበረ፡፡ ሓድሽ ዝተመስረተ ግንባር እንገርን ድማ ንኣቐርደትን ከበባኣን የቋምት ነበረ፡፡

### ካልኣይ ወራር (ሕዳር 1978)

ደርግ ድሕሪ ቀዳማይ ወራር፡ ንኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ዘድሊ ምውድዳቡን ምቅርራብን ብምግባር፡ ብ18 ሕዳር 1978 ካልኣይ ግዝበል ወራሩ ብወገን ባጽዕ ጀመረ፡፡ ንጽባሒቱ ድማ ብምዕራብ ኤርትራ ካብ ኣቐርደት ተበጊሱ ንከባቢ እንገርን ኣጥቅዐ፡፡ ድሕሪ'ዚ ብ21 ሕዳር እቲ ዝበርትዐ መጥቃዕቲ ኣብ ሰሜናዊ ግንባር ከባቢ ዓዲ ያዕቆብ ከፈተ፡፡ ጸላኢ ኣብ ግንባር ባጽዕ ፊት-ንፊት ናይ ምጥሓስን ንጹጋም ክንፊ ፈጢርካ ናይ ምምጣጥን ስልቲ'ዩ ተጠቒሙ፡፡ በዚ መሰረት ኣብ ጽርግያ ባጽዕ-ኣስመራ እናጥቅዐ ብጹጋም እምባርሚ ሓሊፉ ንሰሜን ተንቀሳቐሰ፡፡ እቲ ኣብ ኣስመራን ኣቐርደትን ተኸሚሩ ዝነበረ ዓቕሚ ሰራዊት ደርግ ብዝሒ ስለ ዝነበሮ፡ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ስልትታት ተጠቒሙ ከረን ንምቁጽጻር ከም ዝፍትን ፍሉጥ ነበረ፡፡ ኣብ ግንባር እንገር፡ ፈለማ ብሸነኽ ቃሩዕብል ጸቢቑ ተጸሪፉ እኳ እንተነበረ፡ ጸኒሑ ብዖዲ መጃወራይ ኣቢሉ ናይ ምምጣጥ ስልቲ ስለ ዝተጠቕመ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ነቲ መካናይዝድ ሓይሊ'ዚ በቲ ወሰኑ ዓቕሙ ኣብቲ ሰፊሕ ጉልጎል ክገጥሞ ኣሸጋሪ ስለዝነበረ፡ ንጡኡ ክስሕብ ተገደደ፡፡ ጸላኢ እግሪ እግሩ ስለዝሰዓበ ግን ኣብ ከባቢ ጡኡ እውን ምዕጋቱ ኣይተኻእለን፡፡ በዚ ጸቕጢ'ዚ ድማ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንከረን ገዲፉ ናብ ገዘልም ክስሕብ ተገደደ፡፡ ካብ ባጽዕ ዝተንቀሳቐሰ ሓይሊ ጸላኢ፡ ብኣላጉል ብበዓል ፍግረት፡ ማይ ኣዋልድ፡ ሽዕቡ ከምኡ'ውን ብሞርሳ ጉልቡብ ንሰሜን ቀጺሉ ናብ ምብራቓዊ ጎቦታት ተጸጊዑ ብኣዝዛራ ኣቢሉ ንኣፍዓበት ኩሓንቆ ይህንደድ ስለ ዝነበረ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ነዚ መደብ'ዚ ንምኽላፍ ዘኽእል ኣተሓሕዛ ክገብር ካብ ከረን ጥራይ ዘይኮነ ካብ ምብራቓዊ ግንባር እውን ክዝልቕ ወሰነ፡፡

ኣብዚ ወራር'ዚ ጸላኢ ኣብ ሰሜናዊ ግንባር ዝተጠቕመሉ ስልቲ ኩናት፡ ብጸቢብ ቦታ ደፋዕ ዓዲ ያዕቆብ ደብዩብ መዓፍዕን ኣጽዒቕካ ብታንክታት ጥሒስካ ምሕላፍ እዩ፡፡ ብኸምዚ ከኣ ደፋዓት ዓዲ ያዕቆብ ስለ ዝፈረሰ ምስቲ ብምብራቕ ዝነበረ ምዕባለታት ተኣሳሲሩ ምንቅርራይ ቦታ ክግበር ግድን ኮነ፡፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ካብ ሰሜናዊ ግንባር ምስ ኣዝለቐ፡ ኑቲ ህንዱድ ሰራዊት፡ ኣብ ከባቢ ዒላበርዕድ ድኒቢያ ኣዳልዩ ድሕሪ ምምኻት፡ ጸረ-መጥቃዕቲ ወሲዱ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራ ኣስኪሙ፡ 13 ታንክታት ሓምሺሹ፡ ብዙሕ ኣጽዋር ክሰልብ ክኣለ፡፡ ውግእ ዒላበርዕድ፡ ሓደ ካብ ወሰንቲ ግጥማት እዋን ምዝላቕ እዩ፡፡ ኣብዚ መስተንክራዊ ጅግንነት ዝተራእየ ውግእ ዒ.ቢ. ዓወት እኳ እንተ ተመዝገበ፡ ምስቲ ብምብራቕን ምዕራብን ዝነበረ ምዕባለታት ኣብኡ'ውን ደው ምባል ዘየጽእ ኣይነበረን፡፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ካብ ዒላበርዕድ ስሒቡ ናብ ከረን፡ ካብኡ ናብ ገንፈሎም ኣዝለቐ፡፡ በዚ ድማ ከረን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰራዊት ደርግ ኣተወት፡፡ ብሸነኽ ምብራቕ ዝነበራ ሓይልታት እውን፡ ኑቲ ናብ ኣፍዓበት ዘቕንዐ ህንዱድ ሰራዊት ጸላኢ ኣብ ማዕሚደ ዓጊተን ድሕሪ ምምኻት፡ ጸረ-መጥቃዕቲ ወሲደን ግስጋሴኡ ደው ኣበልኦ፡፡ እዚ ናይ ማዕሚደ ውግእ እውን ሓደ ካብ ወሰንቲ ከበድቲን ግጥማት ግዜ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ እዩ፡፡ ብሓፈሻ ኣብ ካልኣይ ወራር፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብሰለስተኡ ግንባራት ማለት ብሰሜናዊ ግንባር ኣብ ዒላበርዕድ፡ ብምዕራባዊ ግንባር ከባቢ እንገርንን ጡኡን፡ ብምብራቓዊ ግንባር ካብ ከባቢ ዶጋሊ ክሳብ ማዕሚደ ኣብ ዝተኻየደ ዓበይቲ ግጥማት ንሓይሊ ጸላኢ ዘዳኸመ ዓወታት ብምምዝጋብ፡ ኣብ ገንፈሎምን ማዕሚደን ዓረደ፡፡

### ሳልሳይ ወራር፡ (ጥሪ-ለካቲት 1979)

ድሕሪ ካልኣይ ወራር፡ ህዝባዊ ሰራዊት ፍርቁ ኣብ ገንፈሎም ፍርቁ ኣብ ማዕሚደ ዓሪዱ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ደርግ፡ ኑቲ ብወገን ገንፈሎም ዝነበረ ዓቕሙ ካብ ኣስመራን ኣቐርደትን፡ ኑቲ ብሸነኽ ማዕሚደ ዝነበረ ዓቕሙ ከኣ ካብ ባጽዕን ከባቢኣን ብዝምጽኦ ተወሳኺ ሓይሊ ኣጠናኺሩ፡ ንሳልሳይ ወራር ኣብ ምቅርራብ ኣተወ፡፡ ሳልሳይ ወራር ከኣ ኣብ ጥሪ 1979፡ ኣብ ገንፈሎም ጀመረ፡፡ ሰራዊት ደርግ ንህዝባዊ ሰራዊት ጥሒሱ ንምሕላፍ ብወገን ገንፈሎም ቀጻሊ ፈተነታት ኣካየደ፡፡ ኣብዚ ግንባር'ዚ፡ ብፍላይ ብርጌድ 31 ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ዓሪዳሉ ኣብ ዝነበረ የማናይ ክንፊ፡ ንወርሒ መመላእታ ሓያል ምርብራብ ተኻየደ፡፡ ድሕሪ ወርሕን ክልተ ሰሙንን፡ ህዝባዊ ግንባር፡ የማናይ ክንፊ ግንባር ገንፈሎም ስለ ዝፍረሐ፡ ብ15 ጥሪ ካብ ገንፈሎም ናብቲ ሰራዊት ደርግ ኣጽዋሩን ታንክታቱን ከም ድላዩ ክጥቀመሉ ዘይክእል ጸቢብ ቦታ ማለት ናብ ከኣብ ቀጋይ ሱሓቡ፡ ምስ ስትራተጂያዊ ታባ ግልንዲ ኣብ ዝተኣሳሰር መከላኸሊ መስመር ድማ ብርቱዕ ውግእ ቀጸሉ፡፡ ብ25 ጥሪ 1979 ግን ጸላኢ ንግንባር ማዕሚደ ገዲፉ ብባሕሪ ማርሳ ተኸሊዩ ሐዚ ናብ እማህሚመ ስለ ዝተበገሰ፡ ክልተኡ ግንባራት ማዕሚደን ቀጋይን ስትራተጂያዊ ኣገዳስነቱ ኣብቅዐ፡፡ ገለ ክፋል ህዝባዊ ሰራዊት ኑቲ ብወገን እማህሚመ ዝመጸ ሰራዊት ንምዕጋት ናብ ጎቦታት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ክጸየ እንክሎ፡ እቲ ካልእ ክፋል ከኣ፡ ኣፍዓበት ገዲፉ ኣብ እግሪ ናቕፋ የማን ጸጋም ሩባ ሕዳይ ዓረደ፡፡

ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍ፡ እቲ ን9 ዓመት መመላእታ ከቢድ ምርብራብ ዝተኻየደሉ ግንባር ናቕፋን ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ከመይ ኢሉ ከምእተመስረተ ክንርኢ ኢና፡፡

ይቕጽል . .



# ቅያ ስጡም መስርዕ !

## መበል 32 ዓመት ጽንብል ናጽነት













ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ - ኣርካይቭ ጨንፈር ስእሊ

ቃለ-መሕትት

# “ኣብ ሰደት ዝነበረ ህዝብና ብድሌቱ ስለዝተወደበ፡ ኣበርክቶኡ ኣብ ቃልሲ ገሊጽካ ዘይውዳእ’ዩ” ያቆብ ዓንደመስቀል (ሻፍት)

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ትማሊ ሰሉስ 16 ግንቦት 2023 ሕታምና፡ ምስ ሓደ ካብ ጉዳይም ኣባላት ቤት ማሕተም ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ተጋዳላይ ያቆብ ዓንደማስቀል (ሻፍት) ኣብ ግዜ ንእስነቱ ኣብ ማሕበር ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ኤውሮጳ ዝነበሮ ሃገራዊ ንጥፈታትን ከምኡ’ውን ኣብ ሞያ ሕትመት ዘሕለፎ ውህሉል ተመክሮ ኣመልኪትና፡ ዕላል ከም ዘካየድና ይዝከር። ንሎሚ ከኣ 3ይ ክፋሉ ይስዕብ - ሰናይ ንባብ።*

**ሕቶ - ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ‘ኤናኤ’ - (ማሕበር ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ኤውሮጳ) ኣብ ሚላኖ ክኸውን ዝተመርጸሉ ምኽንያት እንታይ’ዩ ነይሩ?**

ከም’ዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሚላኖ ዝነበሩ ኣካየድቲ ኣካልን ህዝብን ማእከል መበገሲ ናይ’ቲ ኣብ ኢጣልያ ዝቶኮሰ ዝነበረ ቃልስን ምንቅስቓስን እዩም ነይርም ክበሃል ይከኣል። ኣዝዩ ወፋይን ሓያል ሃገራዊ ምንቅስቓስን ውዳበን ዝነበሮ’ዩ። ብኻልእ መዳይ ድማ ‘ኣብ ዓዲ-ጣልያን ዘሎ



ሻፍት ምስ ብጾቱ፡ ንኣባላት ማሕበር ኤርትራውያን ንናጽነት ኣኼባ እናገበሩሎም (ኣብ 1976)

**ትዝክሮ ክህልወካ ስለዘኽእል’ዩ?**

እንታይ’ሞ ክብለካ’የ፡ ናይ ብሓቂ ውዕወዕ ዝኾነ ሰላማዊ ሰልፊ እዩ ነይሩ። ኣብኡ ዝነበረ ህዝቢ ሓሸከት እዩ። ዳርጋ ካብ ምሉእ ዓዲ-ጣልያን ነዲሩ ዝመጽአ ህዝቢ’ዩ ነይሩ። ኣብ’ቲ እዋን’ቲ ድማ እቲ ውዳብ ብዘለዓለ ከይዱ። ዝተወደበን ዘይተወደበን ኩሉ ብዝዕባ ሃገሩ ከተሓሳሰቦን ካብኡ ዝሕተት ዘበለ ነገራት ንሰውራኡ ክሰርሕን ጀሚሩ። እቲ ኣብ ሰደት ዝነበረ ህዝብና ብድሌቱ ስለዝተወደበ፡ ኣበርክቶኡ ኣብ ቃልሲ ገሊጽካ ዘይውዳእ’ዩ።

**ሕቶ - ድሕሪ’ቲ ኣብ ሮማ ዝነበርኩም ውዕወዕ ሰልፊ፡ ካብ ካልኦት ሃገራት ብፍላይ ድማ ካብ ዓዲ ጣልያን ዝመጸ ግብረ መልሲ ነይሩዶ?**

እወ! ዝያዳ ህዝቢ ዓዲ ጥልያን ንቃልስና፡ ኣቓልቦ ክህብሉን ክግደሱሉን ጀሚሩ።

**ሕቶ - ኣብቲ እዋን’ቲ ናብ ሜዳ እትልእኽዎ ዝነበርኩም ደገፍ እንታይ’ዩ ነይሩ?**

ብዓበይቱ እቲ ናይ ወርሓዊ ወጻኢታትን ፍሉይ ወፈያታትን’ኳ እንተኾነ ከም

ህዝብና ብምሉኡ ክውደብ ኣለዎ’ ተባሂሉ ዝተወሰደ ምርጫን ዕላማን እዩ። ሓያል ናይ ምውዳብ ስርሓት ድማ ተኻይዱ። እቲ ንጥፈታት ብዝሓየለ ኣገባብ ከም’ዚ ኢሉ እናኸደ እንከሎ ድማ ኣብ 1975 ዓም እቲ ብ‘ዕግርግር ኣስመራ’ ዝፍለጥ ግዜ ደስዕብ። ኣብቲ እዋን’ቲ፡ ስርዓት ደርግ ንሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ጭካነ ብዝመልኦ ኣሰቃቒ ኣገባብ፡ ጨፍላቒ ግፍዒታት ዝፍጽመሉ ዝነበረ ግዜ’ዩ ነይሩ። ብድሕሪ’ዚ ኣብ ዓዲ ጣልያን ዝነበረ ህዝብና፡ ብምሉኡ እዩ ‘ሆ’ ኢሉ ንቓልሲ ተላቒቑ። ከም ወጽኢቱ ድማ ኣብ ሮማ ኣንጻር ስርዓት ኢትዮጵያ ዝዓለመ፡ ዓቢ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይድና። ኣብ’ዚ ሰልፊ ከኣ ኣሽሓት ኤርትራውያን ተሳቲፎም። ማዕረ ናብ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኢትዮጵያ ብምኻድ ተቓውሞና ከሰምዕ ምስ ደለና፡ ናብኡ ንኸይንኸይድ ሰራዊት ናይ ኢጣልያ ከልኪሎምና።

**ሕቶ - ስለምንታይ ከልኪሎምኹም?**

እዋእ! እቲ ህዝብኻ ከም’ዚ ብርቱዕ ውሕጅ ወይ ቁጥዓ ዝተኸፈ ንህቢ’ዩ ብሓደ ተናዕዩ ግምጥል ኢሉ ወጺኡ። ነድሪ ዝተሓወሶ ስለዝነበረ ንዕኦም’ውን ኣሰንበድዎም ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ሕቶ - እሞ ንድሕሪት ክምለስ፡ ብሓፈሻ እቲ ሰልፊ ከመይ ነይሩ፡ ገለ**

*መድሃኒት፡ ወተሃደራዊ ክዳውንትን ካልእ ጠቓሚ ነገራትን ዘጠቓለለ’ዩ ነይሩ።*

**ሕቶ - መብዛሕትኦም ኣብ ማሕበር ምንቅስቓስ ናይ’ቲ ቃልሲ ዝነበሩ ተማሃሮ መንእሰያት፡ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቶም ምስ ወድኡ ኣብ ምንታይ ይዋፈሩ ነይሮም?**

*መብዛሕትኦም ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ናይ ኤውሮጳ ብፍላይ ድማ ኣብ ሕብረት-ሶቬት፡ ጀርመን፡ ሽወደንንን... ዝነበሩ ተማሃሮ ትምህርቶም ውድእ ምስ ኣበሉ፡ ብቐጥታ እዮም ናብ ሜዳ ዝሰለፉ ነይሮም። ኑቲ ትምህርቲ ኣቋሪጾም ዝኸዱ ከኣ ብዙሓት ነይሮም። ኣባላት ‘ኤናኤ’ ክሰለፉ እንከለው፡ ብዓዲ ጣልያን ገይሮም እዮም ዝሓልፉ ነይሮም። ሰሚናራት ናይ ህዝቢ ይገብሩ። እቶም ሽዑ ኣብ ኢጣልያ ዝነበርና ኣካየድቲ ኣካል ከኣ ከምኡ’ውን ኣብ ካልእ ቦታታት ናይ ኤውሮጳን ሰሚን ኣመሪካን ናብ ቃልሲ ዝሰለፉ ዝነበሩ መንእሰያት ብዘለዓለ ክንደፍኣሎ ክኢልና። ብፍላይ ካብ 1975 ጀሚርና ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ከሰልፍ ጀሚርና። ካብኦም ዝነበርና ኣባላት ናይ’ቲ ውዳበን ምንቅስቓስን ድማ ናብ ሜዳ ከይዶም ካድር ከም ዝመጽኡ ይገብር ነይሩ። ገሊኦም ኣብኡ ክቃለሱ ክተርፉ እንከለው፡ ገለ ድማ ንኣድላዪ ስራሕ ይምለሱ ነይሮም።*

**- ሕራይ ቀጽል!**

*ብፍላይ ኑቲ ማሕበር ወይ ምንቅስቓስ ዓቢ ሓገዝ ክኾኖ ዝኸኣለ ኣብ 1976 ብርክት ዝበሉ ናይ ማሕበር ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ሰሜን ኣመሪካ - ኤና. ሰኣ ካድር ዝተማህሩ ነይሮም። ገሊኦም ኣብ ዝተፈላለየ*



ሻፍት ኣብ ቤት ማሕተም ‘ኤናኤ’ ምስ መሓሪ ኣቶ ብርሃን ሰጊድ

ናይ’ቲ ግንባር ቤት ጽሕፈት ተመዲቦም ክሰርሑ ጀሚሮም። ገለ ካብኦም ካድረታት ድማ ናብ ኢጣልያ ተመዲቦም መጺኦም። ስለዚ ብሓፈሻ፡ ሰለስተ ኣብ ሚላኖ፡ ሓደ ኣብ ፈረንሳ፡ ሰለስተ ከኣ ኣብ ሮማ ነይሮም። እቶም ክልተ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናይ’ቲ ግንባር፡ ሓደ ከኣ ኣብ’ቲ ንጥፈታት ናይ’ቲ ሓፋሽ ውድባት ኮይኖም ይሰርሑ ነይሮም። እዚ ከኣ ንዓና ተወሳኺ ሓይልን ድርኸን ኮይኑና። ምኽንያቱ ምስኦም ዝመጽኡና ተወሳኺ ናትና ካድረታትን እቲ ቃልሲ ናይ ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ኢጣልያ ብዘለዓለ መንፈሱ ክኸይድ ክኢሉ እዩ ክበሃል ይኽእል። ዓቢ ውዳበ ድማ ክፍጠር ተኻኢሉ’ዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ ኑቲ ሰውራ ዘድሊ ሓገዝቲ ድማ ንምሂብ ክሰደድ ተጀሚሩ። እቲ እነዋጽኦ ዝነበርና ወርሓዊ ወጻኢት ‘እኹል ኣይኮነን’ ተባሂሉ፡ ገለ ክፋል ካብ ደሞዝና ናብ’ቲ ቃልሲ ኣታዊ ከም ዝኸውን ንገብር ነይርና። ናይ ኤርትራውያን ምሸትን ኢጋጣሚታትን ብምፍጣር ድማ እቲ ወፈያታት ብዘለዓለ መልክዑ ከይዱ። ንኣብነት ኣብ ሚላኖ ኮይንና ካብ’ቲ እንሰዶ ዝነበርና ወተሃደራዊ ክዳን ‘ሚላኖ’ ዝበሃል ናይ ላዕልን ናይ ታሕትን ዓይነት ክዳን እዩ።

**ሕቶ - ወይለይ! እሞ እቲ ‘ሚላኖ’ ዝብል ስም ክዳን ተጋደልትስ ካብኡ እዩ መጺኡ ማለት’ዩ?**

(ሱላቕ) እው። ኣብቲ እዋን’ቲ ተጋደልቲ ዘጠመቕዎ ስም እዩ። ብዘይካ ከምኡ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩልካ እቲ ውዳብ ከም’ዚ ኢሉ እናቐጸለ እንከሎ፡ እቲ ናብ ቃልሲ ምስላፍ ከኣ ብዘዓጻጻፊ ናህሪ ክኸይድ ጀሚሩ። ንሕና’ውን እቲ ናይ ኣገልግሎት ማስርሒ ውዳብ ምስ ወዳእና ብቐጥታ ኢና ናብ ቃልሲ ንሰልፍ ነይርና። ሕጂ እቲ ውዳብ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምስ በጽሐ፡ ኣብ 1976 ዓም ዝተገብረ ናይ ‘ኤ.ና.ኤ’ ጉባኤ፡ እታ ንበዓል ኣምባሳደር ዘመደ ተኽሌ፡ ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ፡ ስውእ ተስፋይ ኣድሓኖ፡ ስውእ ከርስ ጻዲ... ሐ.ዛ ዝተመርጸት ሓዳሽ ኣካያዲት ኣካል፡ ቤት ጽሕፈታ ካብ ሚላኖ ናብ ከተማ ቦሎኛ ‘ኣስቶርያ ግራንደ’ እትብሃል ንእሽቶ ከተማ’ዩ ግዒዙ። ተልእኾ ናይ’ቲ ውድብ ድማ ኣብኡ ኮይኖም የካይድዎን ይመርሕዎን ነይሮም።

**ሕቶ - ኣብ ዓዲ ጣልያን ሃገራዊ ምንቅስቓስ እናካየድኩም እንከለኹም ዘጋጥመኩም ጸገማት ነይሩዶ?**

እው፡ ብዙሕ ጸገማት የጋጥመና ነይሩ። ብፍላይ ኑተን ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋትና፡ በዞን ዝሰርሓወን ብዙሕ ግፍዕታት’ዩ ዝወርደን ነይሩ። ማሕበር ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ኤውሮጳ ጨንፈር ኢጣልያ ምስ ጀመርና ግን፡ ኣብ ሂወት ናይቶም ኤርትራውያን ኣቲና ንመያየጠሉ ስለዝነበርና፡ ዝጋጥመን ዝኾነ ዓይነት በደል ንምግላጽለንን ማሰለን ከም ዝረኽብ ንገብርን ነይርና። ጠበቓታት ማሕበር ሰራሕተኛታት ስለዝነበሩ፡ ኣብ’ቲ ናተን ማሕበር ኣቲና’ውን ንዋሳእ ነይርና ኢና። ብፍላይ ኣብ በዓል ‘ሲችልያ’ ዝበሃል ቦታታት ዝነበራ ኤርትራውያን ግን ፍልይ ዝበለ ግፍዒታት’ዩ ዝወርደን ነይሩ። ካብ ዓዲ ብኩንትራት ምስ ኣምጽኡወን፡ እንተዘይ ደልዮመን ብቐጥታ እዮም ብዘይ ዝኾነ ይኹን ማሰሊ፡ ናብ ዓደን ዝጥርዝወን ነይሮም። ሕጂ ንሕና፡ ‘ኣብ ‘ሲችልያ’ ብዙሕ ግፍዕታት ይፍጸም ኣሎ’ ምስ ሰማዕና፡ ገለ ካብ ወፋያት ኣባላትና ከም በዓል ሃይለ ብርሃ (ቀልቢ)፡ ሳሚኤል ዝበሃል’ውን ነይሩ . . . እዚኣቶም፡ ስርሖም ገዲፎም ናብኡ ከይዶም። ዝበን ኩለን ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ብምጥርናፍን ብምእካብን ድማ፡ ማሰሊተን ክሕለወለን ስለዘለዎ ክጥዕሱ ጀሚሮም። ንሶም ናብቲ

ቦታ ምስ ከዱ ከኣ፡ ብኣጠቓላሊ እቲ ዝነበረ ሂወተን ተቐይሩ። ከም’ቲ ቅድምኡ ዝነበሩዎ ዝበሩ ክጥርዝወንን ክርሩወንን ኣይክኣሉን። ምስ ማሕበር ሰራሕተኛታትን ምስ ጠበቓታተንን እናተረዳደኡ ድማ ኩሉ ማሰሊተን ከም ዝሕሎ ገይሮም። እንደገና ከኣ ብምሉኦን ኣብ ቃልሲ ናይ’ቲ ውድብ ከም ዝጥርናፋ ተገይሩ። ስለ’ዚ እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ኣደታት ዝወርድ ዝነበረ ግፍዕታት ማእለያ ኣይነበሮን። እንተኾነ፡ ሓቢርና ንቃለሶ ስለዝነበርና ዕውት ዝኾነ ማሕበራዊ ሂወት ክሰፍን ክኢሉ እዩ። እዚ ከኣ ማሕበር ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ተማሃሮ ናይ ኩሉ ሓላፍነት ወሲዱ ኣብ ሂወት ናይ’ቲ ኤርትራዊ ኣትዩ፡ ኣብ ምሉእ ኢጣልያ ይሰርሕ ስለዝነበረ’ዩ እቲ ዓወት ክመጽእ ክኢሉ።

**ሕቶ - እቲ ከም መጕባእቲ ካብ ሜዳ ዝመጽእኩም ዝነበረ ጽሑፋት እንታይ እዩ ነይሩ?**

ዝተፈላለየ ጽሑፋትን መጽሔታትን’ዩ ዝመጽኣና ነይሩ። ከም በዓል መሪሕ፡ ማሕታ፡ ብኤናኤ እትዳሎ ዝነበረት ከኣ ‘ተዳሎ’ እትብሃል መጽሔት’ውን ነይራ። እዚ ኹሉ ከኣ ኣብ ዓዲ ጣልያን ኣብ ናይ ግሊ ቤት ማሕተም’ዩ ዝሕተም ነይሩ። እቲ ወጻኢታት ድማ ኣዝዩ ልዑል’ዩ ነይሩ። ኣብ’ዚ እዋን’ዚ እዛ ኣካያዲት ኣካል ሓደ ውሳኔ ወሲና። ‘እዚ ብፍጹም ክዋጽኣና ኣይክእልን’ዩ፡ ናትና ማሕተም ክነጉብር ኣለና’ ኣብ ዝብል ውሳኔ በጺሓ። ‘ዚ ክነጉብር እንተደኣ ኮይንና ግን ገለ ወፋያት ካብ ኣባላታ ክትረክብ ኣለዋ። ኣነ ክልተ ዓመት ዋና ጸሓፊ፡ ሓደ ዓመት ድማ ኣቦወንበር ኣካያዲት ኣካል ኮይነ ሰሪሐ ስለዝነበርኩ፡ ብድሕሪኡ ኣብ ምርጫ ኣይኣቶኹን።

**ሕቶ - ስለምንታይ?**

ምኽንያቱ፡ ናብ ሜዳ ክሰልፍ ይሓስብ





ሻፍት፡ ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ‘ኤናኤ’ ቦሎኛ (ኣብ 1976)

ስለዝነበርኩ። ብዘኾነ ግን እታ ኣካያዲት ኣካል ናታ ቤት ማሕተም ክትጉብር ስለዝወሰነት፡ ካብ ኣባላታ’ውን ገለ ወፋያት ትደሊ ስለዝነበረት ‘ንስኻ ሓደ ካብቶም ወፋያት ኣባላት ስለዝኾንካ፡ ዘለካ ስርሓት ገዲፍካ ብዛዕባ ማሕተም ክትመሃር ኢኻ፡ ብድሕሪኡ ከኣ ኣብ’ዚ ቤት ማሕተም ናይ’ዚ ውድብ ክትሰርሕ ኢኻ’ ተባሂሉ።

**ሕቶ - እቲ ናይ ምስላፍ መደብካ እንታይ ኮይኑ’ዩ ደኣ?**

(ሱላቕ) ዋላ ክትሰለፍ መደብ ይሃልኻ፡ ወፋይ እንድሕር ኮይንካ ኣብ’ቲ ማሕበር ዝመደበካ ምንቅስቓስ ኢኻ ትሰርሕ። ‘ኣብ’ዚ ይሕሸኻ፡ ኣብቲ’ባ’ ዝበሃል ነገር የለን። ዝወሃበ ስለዝነበረ ኑቲ ስራሕ ተቐቢለ፡ ዝነበረኒ ስራሕን ናይ ምኻድ ሓሳብን ተቛሪጹ። ኣብ’ቲ ኣቐዲምና ንሕትመሉ ዝነበርና ቤት ማሕተም፡ እናሰራሕኩ ኣብኡ ከም ዝመሃር ድማ ተገይሩ። እኹል ፍልጠት ምስ ሓዝኩ ከኣ ዘድሊ ናትና መሳርሒ ሕትመት ተገዚኡ ንስራሕ ድልው ኮይኑ። ብሓጺሩ ናይ ‘ኤናኤ’



ቤት ማሕተም ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ከባቢ ‘ፈረንስ ፕራቶ’ እትብሃል ዓዲ ማሰራትናዮ ማለት እዩ። እዚ ዕማም’ዚ ከኣ በይነይ ክጉብር ስለዘይክእል፡ ሓደ ካብ ወፋያት ኣባላትና ኣብ ፈረንሳ ዝነበረ መሓሪ ዝበሃል በኹሪ ወይዶም ንውሩይ ስዉእ ተጋዳላይ ኣቶ ብርሃን ሰጊድ ካልኣየይ ከም ዝኸውን ተገይሩ። ከምኡ’ውን ሓደ ጴጥሮስ ሲዮናስ ዝበሃል ካብ ሜዳ ንሕክምና ዝመጽአ መንእሰይ ተጋዳላይ፡ ኢልሳ ጉበረ እትብሃል ወፋይቲ ብጸይትናን’ውን ይተሓጋገዙና ነይሮም። ኩላትና ተሓጋጊዝና ድማ ኑቲ ውድብ ካብ ሜዳ ዝሰዶ ዝነበረ ኣገዳሲ መጽሔታት ናይ ኤናኤ ከምኡ’ውን ወግዓዊት መጽሔት ተዳሎን ሓቲምና ናብ ኩለን ጨናፍር ናይ ኤውሮጳ ይዝርጋሕ ነይሩ። ኣብ እስራኤል’ውን ሓደ ጨንፈር ስለዝነበረና፡ ከም በዓል ስውእ ኣቶ ተኽስተ ባይረ (ዋና ጸሓፊ ሃገሬ ዝነበረ) ኣብኡ ስለዝነበሩ፡ ናብኦም ከይተረፈ ይኸዶም ነይሩ። እቲ ንጥፈታት ውዳብ ቃልስን ኩነታት ሕትመትን ከም’ዚ ኢሉ እናኸደ እንከሎ ከኣ ሓደ ሓዳሽ ሓሳብ ተበገሰ።

**ሕቶ - ብዛዕባ እንታይ?**

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ሮማ ስለዝነበረ፡ ሓላፍቲ ናይ’ቲ ቤት ጽሕፈት ከም ስውእ ኣምባሳደር ዓንደሚካኤል ካሕሳይ ምስ

ኣካየድቲ ኣካል ናይ ኤውሮጳ ብምርድዳእ፡ ‘ኣብ ሜዳ ናይ ማሕተም ጸገም ስለዘሎ፡ ‘ዚ ኣብ’ዚ ዘሎ ቤት ማሕተም ካልእ መሳርሒታት ተወሲኽዎ፡ ኣባላት’ውን ኣምሂርኩም ንሜዳ ከም ዝኸይድ ግበሩ’ ተባሂሉ። ስለ’ዚ እቲ ዝጀመርናዮ ቤት ማሕተም ኩሉ ተጠርኒፉ ካልእ ሓደሽቲ ናይ ቅድሚ ማሕተም ይኹን ድሕሪ ማሕተም መሳርሒታት’ውን ተወሲኽዎ፡ ተጠርኒፉ ናብ ሜዳ ከም ዝኸይድ ተገይሩ። መሓሪ ኣቶ-ብርሃን ሰጊድ ግን ብትሑት ዓቕሚ ናይ’ቲ ማሕበር ጠለቦት ንምምላእ ተባሂሉ - ብዙሕ’ኳ እንተዘይ ቀጸለት፡ ሓንቲ ሓታሚት ሐዚ ንዘተረፈ ስርሓት ከሳለል ኣብ ዓዲ ጥልያን ከም ዝቐጸለ ተገይሩ እዩ። ኣነ ግን ኣብ ወርሒ ሓምለ 7ይ ጉባኤ ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ቦሎኛ ተሳቲፈ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም 1977 ናብ ሜዳ ኣትየ ማለት እዩ።

ይቕጽል...

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ወረ/ኛ ሓለቓ 50 መንግስቱ ክፍለየሱስ ወረ/ኛ ለተሃይማኖት ገብረስላሴ ኣቶ ፍስሃ መንግስቱ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኛ ሓለቓ 50 መንግስቱ ክፍለየሱስ ወረ/ኛ ለተሃይማኖት ገብረስላሴ፡ ወ/ሮ ለተብርሃን መንግስቱ +3 ዘሎ ናይ ምቕሊት ውርሺ ጉዳይ ተኸሳሲት ዝፋን መንግስቱ ክፍለየሱስ ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዓ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን14/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ 4 ትቕረብ፡ እንተዘይቀሪባ፡ ጉዳያ ኣብ ዘየላትሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ።

ሓዳስ ዘበ ነጋሲ፡ ስም ኣደይ ወዳሴ ተኸሊት መለስ ምግልጋል ተሪፉ፡ ህድኣት ተኸሊት መለስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ዳኒኤል ምስግና ወልደጋብር ምግልጋል ተሪፉ፡ ቢኒያም ምስግና ወልደጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ኣማረሽ ሃይለ ገብረሂወት ምግልጋል ተሪፉ፡ ኣማረሽ ሃይለ ገብረዥት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ከሰስቲ ወረ/ኛ/ሄር መሓሪ ተኸለ ገብረስላሴ 1.ህያብ መሓሪ ተኸለ 2.ተመስገን መሓሪ ተኸለ 3.ምሕዚት ሓዳስ ተወልደብርሃን ተኸለሃይማኖት፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኛ/ሄር መሓሪ ተኸለ ገብረስላሴ ወረ/ኛ/ሄር ንግስቲ ብርሃ ገብረንጉስ 1.ብስራት መሓሪ ተኸለ 2.ሩታ መሓሪ ተኸለ 3.ኣኽሊሉ መሓሪ ተኸለ 4.ምልእተ መሓሪ ተኸለ 5.የውሃንስ መሓሪ ተኸለ፡ ተኸሰስቲ ቁ.2.ሩታ መሓሪ ተኸለ 4.ምልእተ መሓሪ ተኸለ 5.የውሃንስ መሓሪ ተኸለ ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ን9/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ 4 ይቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪቦም፡ ጉዳዮም ኣብዘየለውሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ከሰስቲ ወ/ረ ኸፍ ወልደእየሱስ ሃይለማርያም ነ/ፍ ኣብርሃጽዮን ኪዳነ ነ/ፍ ተኸሰስቲ ወ/እየሱስ 1ኣቶ የውሃንስ ተኸሰስቲ ወ/እየሱስ +4 ወከል ኣቶ የውሃንስ ተኸሰስቲ ተኸሰስቲ ወ/ረ ኸፍ ወልደእየሱስ ሃይለማርያም ነ/ፍ ኣብርሃጽዮን ኪዳነ ነ/ፍ ተኸሰስቲ ወ/እየሱስ ይሕደጎ ወልደእየሱስ ሃይለማርያም +7 ተኸሳሲ ኣቶ ኣስፋው ተኸሰስቲ ወልደእየሱስ ናይቲ ኣብ ኣስመራ ን/ዞ ኣቦሻውል ዞባ 7 ምም/04 ነበር ቁ.ገዛ 25 ዝምልከት፡ ናይ ምቕሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ን6/6/23 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ራሀዋ ገብረእግዚኣብሄር ጸጋይ፡ ወላዲየይ ገብረእግዚኣብሄር ጸጋይ ገብረመድህን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣዝመራ ፍትዊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የውሃንስ ጉይትኦም ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን8/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣ'ኽርያ

ከሳሲት ወ/ሮ ለድያ ተኽለሃይማኖት መብራህቱ፡ ተኸሳሲ ዳያቆን ብርሃ ሃብተማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን1/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ተስፋልደት ዑቕባሚካኤል ተሰማ፡ ኣቦይ ዑቕባሚካኤል ተሰማ ኢማም ስለዝዓረፈ፡ ነደይ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወለ፡ ከምኡ'ውን ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ዓዲ ተከሌዛን

ከሳሲ ኣቶ መንግስ ቀለታ ወልዳይ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኛ/ሄር ኣቶ ሓጎስ ቀለታ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሰናይት ገብረሚካኤል 2.ወ/ሮ ይፍጠረላ ሓጎስ ቀለታ ኣድራሻኦን ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዐን ን13/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረባ፡፡

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ድባርዋ

ትሕተ ዕድመ ኤሸን ክፍለ ሰባህቱ ብመንገዲ ወላዲቱ ወ/ሮ የርዳኖስ ሃይሉ መርሃጽዮን ኣቢሉ፡ ስመይ ኤሸን ክፍለ ሰባህቱ ምግልጋል ተሪፉ፡ ኤሸን ገብረሂወት ወልደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ሚካኤል ተኽለሃይማኖት፡ ኣዴና ወ/ሮ ለተሚካኤል ኪዳነ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዓረፈት፡ 2 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ለተንስኤ ምሕረትኣብ ኣለም ምግልጋል ተሪፉ፡ ፍርቱና ምሕረትኣብ ኣለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ገብረሚካኤል ገብረጊዮርጊስ መድህን ገብረጊዮርጊስ፡ ስመ መዋቲት ሓፍተይ ወ/ሮ ርግበ ገብረጊዮርጊስን ለተኺዳን ገብረንጉስ ኪዳነ ምግልጋል ተሪፉ፡ ለተኺዳን ገብረጊዮርጊስ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡


ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፡00-12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!


### ዳግማይ ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ሚኒስትሪ ሶሻል ሰብኣዊ ድሕነት ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ቀለታ ገ/ሄር ብዘተፈጥረ ክርክር፡ 3ይ መጋባእያ ፍ/ቤ/ፍ ብፍ/መዝ. 205/18 ብ12/4/23 ብዘሎ ዳግማይ ትእዛዝ፡ እዚ ንብረት በ/ዕዳ ዝኾነ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ዞን E ሎታ 10 ዝርከብ ፓርክ ሆቴል፡፡
1. ኣብቲ ንጽርግያ ዝጥምት በዓል 3 ደርቢ ሆቴል ምሉእ ተዛዚሙ ኣብ ኣገልግሎት ዝርከብ፡፡
2. ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ዝርከብ በዓል 1 ደርቢ መደቀሲ ክፍልታት ዘጠቓለለ 2 ብሎኮት ዘይተሰርሐ
3.ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ዝርከብ በዓል 1 ደርቢ ምስ በይዘመንቱ ንዘተፈላለየ መዓላ ዝውዕል ዘጠቓለለ ዘይተሰርሐ
4. ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ብዋዜያውነት ተሰሪሑ ዘሎ ግዝያዊ መኻዝንያ ሰርቪስን ካልኦት ንኣሽቱ ስርሓትን ካብ ዝጸደቐ ፕላን ወጻኢ ብምኽንያት ሕጋዊ ማሰሪታ ዘይተረኽበሉን ኮይኑ፡ ኣብ ግምት ዘይኣቱ 62.82% ናይቲ ፕሮጀክት ጥራሕ ተዛዚሙ ኣብ መፈጸምታ ዝበጽሐ ዳግማይ ሓራጅ ክቕየዱ ብዘሎ ትእዛዝ፡ ብ1/2 ዋጋ ማለት 9,915,065 (ትሽዓተ ሚልዮንን ትሽዓተ ሚእትን ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕን ስሳን ሓሙሽተን) ናቕፋ መጠኑ ኮይኑ፣ ክውዳደር ዝደሊ 1/4 ናይዚ ተጠቒሱ ዘሎ ግምት ብስም ፈጻሚ ፍርዲ ፍ/ቤ/ፍርዲ C.P.O ብምስራሕ ወይ ባዕሉ ወይ ብወከሉ ናይ ተጠራቓሚ ሕሳብ በቑ/ሐዘ ብኣካል ብምቕራብ ዝውዳደረሉ መጠን ገንዘብ ስሙን (ብኣሃዝን ብፊደልን ጽሒፉ) ጠቒሱ ኣብ ዝተዓሸገ ሰታርት ብምእታው፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ኣታዊ ይግበር፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣይቋረጽን፡፡

ዕለት ሓራጅ፦15/6/2023
ሰዓት ሓራጅ፦10-11 ቅ.ቀ
ቦታ ሓራጅ፦ ቤ/ጽ ፈጻሚ ፍርዲ ፍ/ቤ/ፍ ቁ.15






### ምልክታ

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ ማሕበር፡ ንኹሎም ወነንቲ ብርኪ ኣብ መበል 19 ስሩዕ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ ንኽሳተፉ ይጽውዕ፡፡

ቦታ፦ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ (ኢየራሽ ሰላም)
ዕለት፦ 3 ሰነ 2023

ሰዓት፦ 8:00 ቅድሚ ቐትሪ ምጅማር ኣኼባ

ንድፊ ኣጀንዳ

1. ምጽዳቕ ንድፊ ኣጀንዳ
2. ምምዛዝ ኣቦላት ኣዳለውቲ ውሳነ ኣኼባ
3. ምጽዳቕ ደቓይቕ ናይ ሕሉፍ መበል 18 ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ
4. ኣብ መበል 18 ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ ዝተላዕሉ ነጥብታት
5. ጸብጻብ ንጥፈታት ሃ.ኮ.መ.ኤ
6. ጸብጻብ ናይ ቦርድ
7. ጸብጻብ ናይ ዓመት 2022 ሕሳባት ምምቕራሕ መኽሰባት
8.ምምዛዝ ኦዲተራት
9.ካልእ ክዝተየሉ ዘለዎ ኣርእስቲ
10. ምውሳን ዕለትን ቦታን ናይ መበል 20 ስሩዕ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ

ንኣኼባ ዝምልከቱ ሰነዳት ካብ 1 ሰነ 2023 ጀሚሩ ካብ ቤት ጽሕፈትና ክውሰድ ይከኣል፡፡
እቶም ብኣካል ክሳተፉ ዘይክእሉ ወነንቲ ብርኪ ናይ ወኪልና ቅጥዒ ካብ ቤት ጽሕፈትና ወይ ካብ መርበብ ሓበሬታና www.niceritrea.com ወሲዶም ድሕሪ ምምላእ ክሳብ 2 ሰነ 2023 ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ዘሎ ግዜ ክልእኩልና ዝኾነ።

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ ማሕበር
ብትእዛዝ ዳይረክተራት ቦርድ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደምበ ሰምበልን ፈንቅልን ጽዋእ ናጽነት ኣልዒለን

ብምኽንያት መበል 32 ዓመት በዓል ናጽነት ክካየድ ዝጸንሐ ውድድር ኩዕሶ መርበብ 2ይ ዲቪዥዮን ዞባ ማእከል፡ ብሰንበት ኣብ ሜዳ ቦቻዮፊላ ተዛዚሙ።

ፈለማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ሰፈትን ደምበ ሰምበልን ተጻዊተን። ኣብ ፈላመይቲ ሴት ሴት 25-ብ22 እኳ እንተተዓወተት፡ ኣብ ዝሰዓበ ሴት ግና፡ ደምበ ሰምበል መትሓዚ ተሳኢንዋ። ተጻወትቲ እዛ ጋንታ ብልጽቲ ኮይና ብዘወዓለት ኣበለን ፈደን ዓሪሓል እናተወሃሃዳ ኣኪታቲለን - 25-ብ16 25-ብ18 25-ብ23 ብምስዓር ብድምር 3-ብ1 ተዓዊተን።



ኣብ ዝሰዓበ ጸወታ፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ፈንቅልን ሰላምን እየን ተራኺበን። ተጻወትቲ እዘን ጋንታታት ምስ ግዜ ብቐዓቶም እናመሓየሹን ተመኪሮ እናደለቡን ዝመጹ ብምኻኖም፡ ብኢጋኡ ሓያል ምትህልላኽ ክርአ ትጸበ ኩሉ ኣፍቃሪ እዩ ነይሩ። ተጻወትቲ ፈንቅል ቀማታት ብምንባሮም ከኣ ኣብ ምጥቃዕ መሳጢ ጸወታ ብምርኣይ ንቀዳመይቲ ሴት 25-ብ20 ተዓዊቶማ። ኣብ ካልኣይቲ ሴት ዘይተኣማመንቲ እዛ ጋንታ፡ ደጊማ ብጸፊሕ 25-ብ11 ተዓዊታ።

ኣብ ሳልሰይቲ ሴት ብኣሰልጣኒ ሂላል ሓምድ እትእለ ጋንታ ሰላም ርእይ ለውጢ ከተርኢ ክኢላ፡ ተጻወትታ ናብ መጋጥምቶም ዘውሕዝዎ ዝነበሩ መጥቃዕቲ ብምዝያድ ድማ፡ ኣኪታቲላቶም 25-ብ17፡ 25-ብ21 ብምስዓር ንጸወታ 2-ብ2 ቀዪርዎ። ኣብ ሓምሻይትን መፈላለይትን ሴት ከኣ ብኣሰልጣኒ ሙኣብ ኣሚን እትሰልጠን ፈንቅል፡ ደጊማ ዓብለላ ብምቅራብ 15-ብ6 ብምስዓር ብድምር 3-ብ2 ብምዕዋት ዋንጫ ናጽነት ናብ ከበሓ ኣእትያታ።

ኣብ መዛዘሚ እቲ ዕለት ድማ፡ ዕወታት ጋንታታት ካብ ሓላፊ ስፖርት ጨንፈር ዞባ ማእከል ኣቶ ክፍለ ኣብርሃ ከምኡ'ውን ሓላፊ ስፖርት ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር ሞጎዚ ገብሂዩ ናይ መዳልያን ዋንጫን ሽልማታትን ምቕባለን ህዝባዊ ርክብ ሓቢሩ።

## ሎሚ ምሸት . . .

## ከተማ ማንቸስተር፡ ናይዛ ዓመት ዝዓበየት ጸወታ ከተእንግድ እያ

ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ካብ ኢድ ኣርሰናል መዝሒዓ ንምልዓል ሓንቲ ቅልዒት ተሪፋታ ዘላ ማን ሲቲ፡ ሎሚ ምሸት፡ ብኢጋኡ ልዑል ቆላሕታ ዝረኸበ ጸወታ ኣንጻር ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክብራ ንምዕቃብ እትሰርሕ ዘላ ሪያል ማድሪድ ከተካይድ እያ - ኣብ ካልኣይ እግሪ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ።

ኣብ ሜዳ በርናቡ ድሕሪ ብዘመዝነቡታ ሹቶ 1-ብ1 ዝተፈላለየት ማን ሲቲ፡ ኣብቲ ስታድዮም ካብ ሰዕረት ንምድሓን እቲ ቀዳማይ ዕላማኣ ምንባሩ እዩ ዝገለጸ። ኣብ



ሜዳኣ ድማ ዝያዳ ተረባሒት ክትከውን ከምዝትኽእል ይእመት። እዛ ጋንታ፡ ኣብ ሜዳኣ ኣብ ዘካየደቶም ናይ መወዳእታ 15 ግጥማት (ኣብ ኩሉ ውድድር እዩ) ንኹሉ ተዓዊታትሉ እያ። ኣብዘን 14 ግጥማት ከኣ እንተውሓደ ኣብ ሓደ ጸወታ ክልተ ሽቶታት እናቑጸረት ትገዓዝ ኣላ። ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ድማ ኣብ ማሕበርም 2018 ብሊየን ድሕሪ ምስዓራ ደጊማ ኣይተሽነፈትን ዘላ። ኣብዛ ምሸት ግና፡ 'ከም ወርቂ ብሉዋ' ክትፍተን እያ።

ሲቲ ነፍሲ ወከፍ ተጻወትቲ ብምንጽጻር ወይ ኣብ ወረቐት ኣብ ዝሰፈረ ስም ተጻወትታ፡ ልዕሊ ማድሪድ ከምእትበልጽ ብዙሓት ተንተንቲ ይሰማምዑ። ይኹን'ምበር፡ ማድሪድ፡ ወላ'ውን ኣብ ላ'ሊጋ ሕማቕ እንከላ፡ ኣብቲ ኤውሮጳዊ ውድድር ግና ዛጊት ምስጢሩ ዘይተፈልጠ ዕብለላ ከምዘለዋ ይግመት። እዛ እስጳኛዊት ጋንታ፡ በዓልቲ 14 ጽሩራ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትከውን እንከላ ሲቲ ግና፡ ሽሕኳ ቢልዮናት ዶላራት እንተኣፍሰሰት ኣብዚ ጽዋእ ግና ስማ ኣየጽሓፈትን ዘላ።

ብመንጽሩ፡ ሪያል ማድሪድ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ትሸዓተ ኢጋጥሚታት ኣብ ቀዳማይ እግሪ ኣብ ሜዳኣ ምስ ዘይትዕወት፡ ኣብ ክልተ ግጥማት ጥራይ እያ ወጺኣቶ ቀደራ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፋ ትፈልጥ። እዘን ክልተ ግጥማት ከኣ ኣንጻር ማን ዩናይትድ ኮይነን። ኣብ 2000'ን 2013'ን እየን ነይረን። ኣብ 2000፡ ኣብ ሜዳኣ 0-ብ0 ተፈላልያ ኣብ ካልኣይ እግሪ 3-ብ2 ክትዕወት እንከላ፡ ኣብ 2013 (ናይ ሕጂ ሓለቓ ጋንታ ዘሎ በዝዮማ ተቐያሪ ኣብ ዝነበረሉ እዋን) ከኣ ኣብ ሜዳኣ 1-ብ1 ተፈላልያ ክንሳ ናብ ከተማ ማንቸስተር ተጓዒዛ ግና፡ 2-ብ1 ተዓዊታ እያ ሓሊፋ ነይራ። ኣብዛ ምሸት ከኣ ናብዛ ዝለመደታ እትመስል ከተማ ተመሊሳ ብምህላዋ፡ 'ታሪኽ ንርእሱ ክደግም ከይድገም' ማዕከናት ዜና መዛዝቡቲ ከፊቶን ብዛንቀውታ ይጽብያ ኣለዋ።

ናይ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ላ'ሊጋ ክብራ ንኽይትዕቅብ ብቦርሳ ዝተገፍትኣት ማድሪድ፡ ኣብዛ እዋን እዚ እትጥምታ ዋንጫ እንተሃልያ 'ዝሓለፈ ዓመት ዝዮተረታ ጽዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ' እያ። በዚ ድማ፡ ኣብዛ ምሸት ናይ ሓይለኣ ብምጽዋት፡ ቅድሚ 10 ዓመታት ኣብዛ ከተማ ዝሰደቶ ታሪኽ (ንዩናይትድ ሰዒራ ዝሓለፈትሉ እዋን እዩ) ክተሓድሶ ትጸበት ደኸፍታ እዩ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ንማን ዩናይትድን ማን ሲቲን እትሓቍፍ ከተማ ማንቸስተር፡ ኣብዚ ወቕቲ እታ ዝዓበየትን ወሳኒትን ግጥሚት ከተካይድ እያ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። እዘን ጋንታታት፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ተመሳሳሊ መድረኽ ተራኺበን ምንባረን ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ኢትሓድ - ሲቲ 4-ብ3 ክትዕወት እንከላ ድሕሪ ሰሙን ኣብ በርናቡ ግና 3-ብ1 ብምስዓራ፡ ብድምር 6-ብ5 ተሰኒፉ ምትራፋ ይዝከር። ሎሚ ምሸትከ?

ህሉው ኩነታት ተጻወትቲ

ክፍሊ ሕክምና ሲቲ፡ ኣብዚ እዋን ንኣከ ጥራይ እዩ ኣብ ምክትታል ዝርከብ። እዚ ቤልጂዩማዊ ተኸላኻሊ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ናይ ሊግ ግጥማት ከምኡ'ውን ኣብ ቀዳማይ እግሪ ኣንጻር ማድሪድ ብሰንኪ መጉዳእቲ ኣይተሰለፈን። ወላ'ኳ ጓርድዮላ፡ ዝሓለፈ ሰሙን "ኣከ ኣዝዩ ጽቡቕ ይሰምዖ ኣሎ" እንተበለ ሕጂ'ውን ኣጠራጣሪ እዩ። እንተ ሰንበት ኣንጻር ኤቨርተን ተቐያሪ ዝነበሩ - ሰልቫን ግሪሊሽን ግና ድሉዋት ኣለዉ። በዚ ድማ ካብታ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ጋንታ ዝኾነ ለውጢ ኣይክህሉን እዩ።

ብመንጽሩ "ለሰ ብላንኮስ"፡ ኣብ መቐጸልቲ ዝጸንሐ ሚሊታኦ ክምለሳ እንከሎ፡ ብቐዓም መጉዳእቲ ዝገጠሞ - ካማቪንጋ ከኣ ብቑዕ ምህላዉ ይግለጽ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ዓቢ ግምት ተዋሂብዎም ክነሶም ሃሰሶም ዘምሰዩ ኣጥቃዕቲ እዘን ጋንታታት - ኢርሊንግ ሃላንድን ካሪም በንዜማን ኣብዛ ወሳኒት ምሸት ልዑል ተራ ክጻወቱ ትጸበት ይግበር።

<table>
<tr><th>መደብ ጸወታ</th></tr>
<tr><td>ሻምፕዮንስ ሊግ ካልኣይ እግሪ<br>ፍርቂ ፍጻመ<br>ሰዓት 10፡00 ምሸት<br>ማን ሲቲ - ሪያል ማድሪድ<br>(ቀዳማይ እግሪ 1-ብ1)</td></tr>
</table>

## "ልዕሊ ሮናልዶን ሜሲን ምተኸፈልኩ ነይረ" ቬሪ

ኢጣልያዊ ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ - ክሪስቲያን ቬሪ፡ ኣብቲ እዋን ኣብ ሰሩዕ ጸወታ እንተዝህሉ ነይሩ፡ ልዕሊ ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ሊዮኔል ሜሲን ምተኸፈልኩ ብምባል፡ ቆላሕታ ረኺቡ።

ሮናልዶን ሜሲን ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ካብቶም ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ተጻወትቲ ምኻኖም ይግለጽ። ክፍሊ'ዚ ከኣ ዓመታዊ ሚልዮናት ዶላራት ናብ ማሕፉዳኦም የእትዉ። ካብ 1991 ክሳብ 2009 ንኢንተር ሚላን ኤሲ ሚላን ጁቬ፡ ኣትሌቲኮ ማድሪድን ካልኦትን ዝወከለ - ቬሪ እውን ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ኣጥቃዕቲ ኤውሮጳ ምንባሩ ይእመነሉ። ዝኸዘለ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብ ሰሪ'ኣ ዘሕለፈ - ቬሪ፡ ኣስታት 500 ናይ ሊግ ግጥማት ከካይድ እንከሎ፡ 236 ሽቶታት ኣመዝጊቡ እዩ ጥሮታ ወጺኡ።

እዚ ኢጣልያዊ፡ ምስ ሓንቲ ጋዜጣ ኣብ ዝገበሮ ቃለመሕትት፡ "ኣብቲ ኣነ ዝጻወተሉ ዝነበርኩ እዋን ማሕበራዊ መራኸቢ እንተዝህልዉ ነይሩ፡ ልዕሊ ሮናልዶን ሜሲን ምተኸፈልኩ ነይረ። ኣብ ዓመት ካብ 300 ክሳብ 400 ሚልዮን ዩሮ ኣታዊ ምረኸብኩ ነይረ።" ክብል፡ ማሕበራዊ መራኸቢ ተራ ከምዘለዎ ገሊጹ። ቬሪ ኣብ ዝጻወተሉ ዝነበረ እዋን፡ ፈይስቡክ እግሪ ተኺሉ ክኸውን እንከሎ፡ ትዊተር ድማ ጠቕሊሉ ከምዘይተጀመረ ይግለጽ።

## ፒኬ፡ ዕድመ ባርሳ ነጺጉ



ጀራርድ ፒኬ፡ ናይ ቅድም ጋንታኡ ባርሴሎና፡ ዓወት ዋንጫ ላ'ሊጋ ንምጽምባል ምስኣም ክሳተፍ ዝቐረበትሉ ዕድመ ከምዝነጸገ ተቓሊሑ።

ኣብ ትሕቲ ዣቪ ፋልመይቲ ጽዋእ ዘልዓለት ባርሳ፡ ሰንበት ኣብ ልዕሊ እስጳኞል 4-ብ2 ድሕሪ ምዕዋታ እያ፡ ላ'ሊጋ ኣርባዕተ ግጥማት ተሪፍዎ እንከሎ ዕውትቲ ምኻና ኣፍሊጣ። በዚ ድማ ንጸባሒቱ ኣብ ጎደናታት እታ ከተማ ዓውዮም ክጽምብሉ ወዒሎም። ብመሰረት ጋዜጣ ሚረር ከኣ፡ እዛ ጋንታ፡ ሽሕኳ ንፒኬ ኣብቲ ጽምብል ምስ ናይ ቅድም ደቂ ጋንታኡ ክሳተፍ ዕድመ እንተኣቕረበትሉ፡ ንሱ ግና ንዝቐረበሉ ዕድመ ነጺጉዎ እዩ።

እስጳኛዊ ፒኬ፡ ወላ'ኳ ምስ ባርሳ ዝኣተዎ ውዕል ክሳብ 2024 እንተነበረ፡ ካብዚ ዓውዲ ግና፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር እዩ ጥሮታ ክወጽእ ወሲኑ። ከም ውጽኢቱ፡ እዛ ጋንታ፡ ክሳብ ውዕሉ ዝዛዘም ክትከፍሎ ዝግብኣ ዝነበረ 43 ሚልዮን ፓውንድ ክትዕቅብ ከምዝሓገዛ ይግለጽ። ፒኬ፡ ኣብዛ ኣብ ፍርቂ ዝገደፋ ወቕቲ፡ ሽዱሽተ ናይ ላ'ሊጋ ዝርከብዎም 10 ግጥማት ኣካዩዱ እዩ።

ኣቐዲሞም ፕረዚደንት እዛ ጋንታ - ክዋን ላፖርታን ዓለሚኣ - ዣቪ'ን ፒኬ ኣካል እዛ ዕውትቲ ጋንታ ክኸውን መዲቦም ምህላዎም ድሕሪ ምዝራብዎም፡ "ቅድም ተዓወቱ" ክብል መለሰሎም ነይሩ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኩሎም ኣባላት ባርሴሎና፡ ኣብቲ ዓውዶም ዘረጋገጹሉ ሜዳ እስጳኞል ኣብ ዘጽምብሉ ዝነበሩ እዋን፡ ቡዩም ሕርቃኖም ክቈጻጸሩ ዘይከኣሉ ደገፍቲ እስጳኞል ክወረሩዎን ናብ መቐየሪ ክፍሊ ክሃድሙን ስለ እተረኣዩ መዛረቢ ኮይኖም ደርኺቡ። ገለ ተጻወትቲ'ውን ምስቶም ንኣባላት ጸጥታ ጥሒሶም ናብ ገለርያ ዝኣተዉ ደገፍቲ ከምዝተጐራፈጡ ይንገር።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣብ ኣመሪካን ካናዳን ዝለዓለ መጠን ሙቐት ተመዝጊቡ

ኣብ ዝተፈላለዩ ከበባታት ኣመሪካን ካናዳን ሓይጋታት ባርዕ ሜካ ብዙሓዊለ መልክዑ እናቐጸለ ኣብ ዘሸደሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብዘን ሃገራት ሓዳሽ ክብሪ ወሰን ዝሓዘ መጠን ሙቐት ከም ዝተመዝገበ ተሓቢሩ።

ኣብ ብዙሓት ከም በዓል ዋሽንግቶን ሲያትል፡ ኦሪጎንን ኣልበርታን ዝኣመሰለ ከበባታት ኣመሪካን ካናዳን ኣብ'ዚ ዓመት ካብ ዝተመዝገበ ዝለዓለ ምኻኑ ዝተሓበረ መጠን ሙቐት የመዝግብ ከም ዝለዋ ተፈሊጡ።

ክቱር ዋዒ ኣብ ህጹናትን ዕድመ ዝደፍኡ ኣረጋውያንን ዘስዕቦ ጥዕናዊ ሓደጋታት ቀሊል ከም ዘይኮነ ዝሓበሩ ክኢላታት፡ ዝበዝሐ ግዜ ወቕዖን ነቕጺ ሰቡትን ንምግታእ ብብዙሒ ማይ ክሰትዩ መኽርም።



ብሰንኪ እዚ ኣብ ኣመሪካ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ሙቐት፡ ኣብ ማእከላይ ክፋል ከተማ ሲያትል ዝነብሩ ልዕሊ 10 ሚልዮን ህዝቢ፡ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሳቶም ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ይምከሩ ምህላዎም ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ 94 ከበባታት ምዕራብ ካናዳ ድሕሪ ዝተኸሰተ ሓደጋታት ባርዕ መሮር፡ ልዕሊ 120 ሽሕ ሄክታር መሬት ከም ዝተቓጸለ እዩ ዝሕበር።

በዚ ኸኣ ልዕሊ 29 ሽሕ ነበርቲ እቲ ከባቢ ናብ ውሑስ ቦታ ክግዕዙ ከም ዝተኣዘዙ ይሕበር።

ብሰንኪ ክሊማዊ ምምዝባል ዝስዕብ ዘሎ ዓለማዊ ዋዒ፡ ኣብ ሰሜን ከበባታት ኣመሪካን ካናዳን ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳውን ዘስዕቦ ዘሎ ኣሉታዊ ሳዕቤናት እናዛየደ ይኸይድ ከም ዘሎ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት የረድኡ።

በዚ ኸኣ ዝተፈለ መሬት ዓለምና ኣብ ዝመጽእ ቀረባ ዓመታት ብደረቂ ከይጥቃዕ ስግኣት ከም ዘሎ እዩም ጸብጻባት ብዘውሳኺ ይረድኡ።

## ኒው ዚላንድ - ኣብ ቤት-መግቢ ሓደጋ ባርዕ ተኸሲቱ

ኣብ ከተማ ዌሊንግቶን - ኒው ዚላንድ፡ ኣብ ሓደ ቤት-መግቢን ማስተን ድሕሪ ዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ ብውሑዱ 6 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ቁጽሮም ዘይተፈልጠ ደጆም ከም ዝጠፍኡ ተሓቢሩ።

እዚ ኣብ ሓደ ሕሱር መግቢን ማስተን ዝኣንገደሉ በዓል 4 ደርቢ ህንጻ ዝተኸስተ ባርዕ፡ ጠንቁ እንታይ ምዃኑ ዛጊት ከም ዘይተፈልጠ ዝሓበሩ ሰበ-ስልጣን፡ እታ ሃገር፡ መርመራታት ይካየዱ ከም ዘለዉ ኣፍሊጦም።



ኣብቲ ህንጻ ብዙሓት ሰባት ብዝዩ ዝኾነ ጉድኣት ከወጹ ከም ዝኸኣሉ ዝሓበረ ፖሊስ ከተማ ዌሊንግቶን፡ ደሃይ ናይቶም ዝተረፉ ንምርካብ ግን ጻዕርታት ይካየድ ምህላዉ ኣረዲኡ።

ኑቲ ባርዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምእታው፡ ብኣማኢት ዝቝጸሩ ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ፡ ልዕሊ 20 ናይ መጥፋእቲ ሓዊ ማካይንን ኣብቲ ከባቢ ከም ዝተዋፈሩ እዩ ዝገለጸ።

ኣብቲ ህንጻ ብሰንኪ እቲ ሓደጋ ብርቱዕ ትኪ ተኸሲቱ ብምህላዉ፡ ነበርቲ ናይቲ ከባቢ ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ክወድዩ ከም'ኡ'ውን እቲ ትኪ ክሳብ ዝጠፍእ ፍንስትራታት ኣብይቶም ብዓጽ ክዕጽዉ፡ ሰበ-ስልጣን ሲቪላዊ ድሕነት እታ ከተማ ተላብዮም።

## ሩስያ፡ ነፈርቲ ኩናት ኔቶ ተሳጕግ




ነፈርቲ ኩናት ሩስያ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ፡ ክሊ ኣየር ታ ሃገር ክጥሕሱ ንዝተደናደና ክልተ ነፈርቲ ኩናት ፈረንሳን ጀርመንን ኣኳሊመን ከም ዝሰጎጓኣን ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ኑቲ ተግባር ተኾኒታኹ ብምባል፡ ብኢዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ ዝወሰደ ዘሎ ተመሳሳሊ ተግባራት ደው ክብል ኣተሓሳሲቡ።

እንተኾነ፡ ፈረንሳን ጀርመንን እተን 'F- Atlantic 2, P-3 Orion' ዝዓይነተን ነፈርቲ ውግእ፡ ኣብ ክሊ ኣየር ባሕሪ ባልቲክ እናበረራ እንከለዋ፡ ካብ ነፈርቲ ኩናት ሩስያ ተጻብኦ መናውራ ከም ዝገጠመን እየን ዝሸሰዐ።

ኔቶ፡ ምስ ሩስያ ኣብ ዘዳውብ ክሊ ኣየር ባልቲክ በረራ ክካየድ ናይ ፈለማ ከም ዘይኮነ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ሓይሊ ኣየር ሩስያ ኑቲ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ብዕቱብ ክከታተሎን ክዓግቶን ምጽንሑ ምንጭታት ሩስያ የረድኡ።

## ሶማልያን ኬንያን ዶባተን ክኸፍታ ተሰማሚዐን

ብሰንኪ ጸጥታዊ ስግኣት ንልዕሊ 12 ዓመታት ዶባተን ዓጽየናኦ ዝጸንሓ ሶማልያን ኬንያን ኣብ ዝመጽእ ሰለስተ ኣዋርሕ ክኸፍታኦ ከም እተሰማምዓ ካብ'ቲ ከባቢ ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ዝተበጽሐ ስምምዕ መሬታዊ ዶባተን ካብን ናብን ክንቀሳቐሱ ንዝደልዩ ዜጋታተን ክፉት ክኸውን እዩ።

ኑቲ ስምምዕ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ክልቲአን ሃገራት ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ከተማ ናይሮቢ ከም ዝኸተምሉ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እተን ሃገራት ኣብቲ ዝተገብረ ርክብ ብዘውሳኺ፡ ጸጥታ ዶባተን ኣብ ምውሓስን ሰላም እቲ ከባቢ ኣብ ምስፋንን ሓቢረን ክሰርሓ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

ሶማልያን ኬንያን ዕጡቕ ሸበራዊ ጉጅለ ኣልሸባብ ብዝፈጠሮ ጸጥታዊ ጸገማት፡ ኣስታት 700 ኪ.ሜ ንውሓት ዘለዎ ዶባተን ካብ 2011 ጀሚረን ዓጽየናኦ ምጽንሐን ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ እዘን ክልተ ሃገራት፡ መሬታዊ ዶባተን ክኸፍታ ተሰማሚዐን እኳ እንተነበራ፡ ጠንቁ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ግን እቲ ስምምዕ ተናዊሑ ምጽንሑ ይሕበር።

ዕጡቕ ጉጅለ ኣልሸባብ፡ ኣብ ከባቢ ዶብ ኬንያ ንዝንቀሳቐሱ በጺሕትን ኣባላት ትካላት ሰብኣዊ ሓገዝትን ብምጭዋይ፡ ጸጥታዊ ስግኣት እቲ ከባቢ ክኸውን ምጽንሑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።



## ኣመሪካ - ኣብ ኣፍ-ደገ ቤት ጸሎት መጥቃዕቲ ብረት ተፈጺሙ

ኣብ ክፍለ-ሃገር ኒው ሜክሲኮ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ኣፍ-ደገ ቤት ክርስትያን ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ፈኮስ ብረት፡ ብውሑዱ 3 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ከተማ ፋርሚንቶን መጥቃዕቲ ዝፈጸመ ወዲ 18 ዓመት ጥርጡር፡ ኣብቲ ምስ ኣኽባር ጸጥታ ዘካየዶ ናይ ተኹሲ ምልውዋጥ ከም ዝተቐትለ፡ ኣዚ ፖሊስ ናይታ ከተማ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ።



ብዘውሳኺ፡ 2 ኣባላት ፖሊስ ዝርከብዎም ካልኦት ቁጽሮም ዘይተፈልጠ ሰባት እውን ቆሲሎም ኣብ ሕክምና ከም ዝርከቡ እዩ - ፖሊስ እታ ከተማ ዝሕበር።

እቲ ዕጡቕ ኣማኢት ጠያይት ዓጢቑ ምጽንሑ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ፖሊስ ፋርሚንቶን ኣብ ልዕሊኡ ቅልጡፍ ስጉምቲ እንተዘይወስድ ነይሩ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝኸፍአ ጉድኣት ከውርድ ይኽእል ምንባሩ ተመልኪቱ።

ፖሊስ እታ ከተማ ብዘውሳኺ፡ ዕላማ ናይቲ መጥቃዕቲ ከምኡ ድማ ኣብ መንጎ ግዳያትን ጥርጡርን ዘሎ ምትእስሳር ንምፍላጥ፡ መርመራታት ክካየድ ጀሚሩ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ኣብ ኣመሪካ ኣብዚ ዓመት እዚ እዩ ጥራይ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ክፍላተ-ሃገር ልዕሊ 220 መጥቃዕቲ ፈኮስ ብረት ከም ዝተኻየደ፡ ኣብ ኣፍሲ-ወተፍ መጥቃዕቲ ድማ ህይወት ሓያሎ ሰባት ከም ዝጠፍኣን ጸብጻባት ፖሊስ ይሕብሩ።

ኣብታ ሃገር ልዕሊ 390 ሚልዮን ጠበንጃ ኣብ ኢድ ውልቀሰባት ከም ዘሎ ይግመት። ኣብ ዓመት ኣሽሓት ሰባት ህይወቶም ከም ዝስእኑ ድማ ጸብጻባት ይሕብሩ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰሸል | 17/5/2023 | ጎደና ናቕፋ ቁ.33 ጥቓ እንዳ ኣልፋ | 120601 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | | ቁ.ቴሌፎን 127565 |